## ”ቡፍኒንግ” (boffning) እንታይ እዩ?

”ቡፋ” (boffa) ምግባር ማለት፡ ንኽትሰክር ኢልካ ካብ ሓደ ናይ ”ስፕረይ-ጥርሙዝ” ጋዝ ወይ ሃፋ ምስታይ ማለት’ዩ። እዚኦም ጋዛት እዚኦም፡ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ልሙዳት ፍርያት ጽሬት - ከም ደረቕ ሻምፓ፡ ዲዮዶራንት ወይ ጨና-ፈረንጂ ዚርከቡ መንቀሳቐስቲ ጋዛት እዮም። እቲ ስኽራን ብቕልጡፍ ይመጽእ እሞ፡ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ደቓይቕ ድማ ይሓልፍ።

## እዚ ”ቡፍኒንግ” (boffning) ንመንእሰያት ሓደገኛ ነገር’ዶዩ?

**”ቦፊንግ” (boffning) ምስ ዝኾነ ይኹን ካልእ - ቆልዑን መንእሰያትን ቅድሚ ሕጂ ዝፈትንዎ ልሙድ ናይ ስኽራን ኣገባብ ክመጣጠን ከሎ - እዚ ከቢድ ዝኾነ ናይ ሞት ሓደጋ ዘስዕብ እዩ።**

”ቦፊንግ” (Boffning) ማለት፡ ንመንእሰያት ይኹን ንዓበይቲ፥ ብኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ ኣገባብ ምስካር ማለት’ዩ። እቲ ትሰትዮ ጋስ ወይ ሃፋ፡ ነቶም ኣብ ኣእምሮና ዘሎዉ ናይ ነርቭ-ህዋሳት - ከምኡ ውን ነቶም ተነቀፍቲ ናይ ልቢ ስርዓተ-ህርመት ዚቆጻጸሩ ነርቭታት ስለ ዝጸልዎም እዩ። ናይ ስኽራን ስምዒት ኣብ ርእሲ ምስዓቡ፥ ሓደገኛ ናይ ልቢ-ደውታ ኣምጺኡ ዚቐትል ነገር እዩ።

ብናይ ”ቦፊንግ” (Boffning) ሙማት፥ እቲ ትሰትዮ ጋዝ ወይ ሃፋ ኣብዚሕካ ማለት ኣይኮነን።እቲ ሓደጋ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ”ቦፊንግ” (Boffning) ትገብረሉ ጊዜ ኬጋጥመካ ዚኽእል እዩ። እታ ልቢ ዋላ’ኳ ኣጸቢቕካ ከይሰኸርካ ከሎኻ ውን ደው ከትብል ትኽእል እያ።

ኣብቲ ኣብ ልሙዳት ፍርያት - ከም ደረቕ ሻምፓ ወይ ዲዮዶራንት ወይ ጨና-ፈረንጂ ክትጥቀመሉ ከሎኻ፥ ሓደገኛ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ድማ፡ ንሱ ከምቲ ኣብ ”ቡፊንግ” (boffning) ዘሎ ናይ መንቀሳቓሲ ጋዝ ሓያል ጸዕቂ ዘሎዎ ኣይኮነን።

## እዚ ”ቡፊንግ” (boffning) ኣብ መንእሰያት ልሙድ ተርእዮ’ዶዩ?

**እቲ ብዛዕባ ”ቡፊንግ”(boffning) ምስ ”ማእከል ሓበሬታ መርዚታት” (Giftinformationscentralen) ዚግበር ናይ ስልኪ ምድዋል፥ ካብ 2020 ጀሚሩ ኣዝዩ ክቱብ እናበለ መጺኡ ኣሎ። እዚ ድማ ብፍላይ ናይቶም ኣብ ዕድመ 10-14 ዓመት ዘሎዉ ቆልዑ ዚምልከት እዩ። ዋላ’ኳ ከምኡ እንተ ኾነ፥ እዚ ”ቡፊንግ” (boffning) ኣብ ሽወደን ክሳብ ሕጂ ስፉሓት ዘሎዎ ሽግር ኣይኮነን ዘሎ።**

ኣብ ታሪኽ ከም እንርኢ፡ ”ቡፊንግ” (boffning) ኣብ ዝተወሰኑ ቦታታት ብብዝሒ ብጉጅለታት ኳንካ ምጥቃም ተራእዩ ነሩ እዩ። ”ቡፊንግ” (boffning) ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ውን ከም ሓደ ፋሽን ኮይኑ ይቀሳቐል እዩ። መብዛሕትኦም ሰባት እዚ ክሳብ ክንደይ ሓደገኛ ምዃኑ ግን ኣይፈልጡን እዮም።

**ገለ እዋናት፡ ነቲ ብጋዝ ወይ ብሃፋ ጌርካ ምስካር፥ ኣብ ክንዲ ”ቡፊንግ” (boffning) ካልኦት ቃላት ውን ትጥቀም ኢኻ፡ ንኣብነት:**

Sniffning | Glejda | Chroming | Inhaling | Huffing





## ቆልዑ ”ቡፋ” (boffa) ከም ዚገብሩ ዚረኣዩኻ ምልክታት

**”ቡፊንግ” (Boffning) ልክዕ ከም ናይ ሓያል ስኽራን ስምዒት ዚገብር ኮይኑ - ግን እቲ ስኽራን ንሓጺር ጊዜ ዘጋጥም - ዳርጋ ን5 ደቒቕ ኣቢሉ ዚጸንሕ እዩ።**

ስለዚ ሓደ ቆልዓ ”ቡፋ” (boffa) ከም ዚገብር ንምፍላጡ ከቢድ እዩ። ብዙሕ ጊዜ ክትፈልጥ ትኽእል፥ ብዙሓት ጥርሙም ናይ ”ስፕረይ-ጠራሙዝ” (sprayflaskor) ከምኡ ውን ሰብ ዝተጠቕመሉ ፓለንቼናታት ኣብ ሳንኬሎ እንዳ ጉሓፍካ፥ ኣብ ሽቓቕካ ወይ ኣብ ካልኦት ቦታታት ናይ ገዛኻ ምስ ትረክብ እዩ። ምናልባት ውን እቶም ቆልዑ ባዕላቶም እንታይ ይገብሩ ከም ዝኾኑ ምስ ዚነግሩኻ እዩ።

ውላድካ ኣጋጣሚ ኮይኑ ”ቡፋ” (boffa) እናገበረ ኽሎ ኢድ-ብኢድ እንተ ሒዝካዮ፥ ሃዲእካ ክትዛረቦ ጥራይ ፈትን። ምኽንያቱ ድማ፡ ስንባደን ፍርህን መሊሱ ንልቢ ደው ንኽትብል ዚገብር ሓደጋ ስለ ዘስዕብ እዩ። ሓደ ሰብ ብቕጽበት ብድሕሪ’ቲ ”ቡፋ” (boffa) ምግባሩ፥ እታ ልቢ ተወሳኺ ናይ ምርባጽ ሆርሞን ስለ ትረክብ፡ ኣዝያ ተነቃፊት’ያ ትኸውን።

## ከምኡ ምስ ዘጋጥም እንታይ ክትገብር ኣሎካ?

**ን"ቡፊኒንግ" (boffning) ዝያዳ ኣቓልቦ ምሃብ፡ ዝያዳ ሰባት ነቲ ነገር'ቲ ክፍትንዎ ሓሳብ ኪመጾም ከም ዚኽእል ዚገብር ንጹር ሓደጋ ኣሎ። ስለዚ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ናይ መከላኸሊ ስራሕ ንኽትገብር ምፍታን፤ ጽቡቕ ደዩ ኣይኮነን ርግጸኛ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ። ኰይኑ ግን፡ ንስኻ ከም ዓቢ ሰብ መጠን፡ እዚ ነገር'ዚ ከሳብ ክንደይ ሓደገኛ ምዃኑ ክትፈልጥን፤ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቆልዓ "በውፊንግ" (boffa) ይገብር ኣሎ ኢልካ እንተ ጠርጢርካ፡ ብቕልጡፍ ስጉምቲ ክትወስድ ከም ዚግባእ ክትፈልጥ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ እዩ።**

እቲ ቀዳማይ ክትገብሮ ዘሎካ፡ መንመን "ቡፍኒንግ" ((boffning)) ይገብሩ ከም ዘሎው ፈሊጥካ፡ ኣብ ልዕሊኦም ስጉምቲ ምውሳድ እዩ። እንታይ ከም ዘጋጠመን፡ መንመን ድማ ኣብኡ ከም ዝተሳተፉን ንምፍላጥ፡ ሓገዝ ናይ ካልኦት ሕተት።

እቶም "ቡፍኒንግ" (boffning) ዝገብሩ (ዝሰትዩ) ቆልዑ፡ ብዛዕባ እቶም ሓደጋታት ክሕበሩ ኣሎዎም - ብኸምዚ ኣገባብ ኣብ እትሰኽረሉ እዋን ድማ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣጋጣሚ ናይቲ ምስታይ - ሓደጋ ናይ ሞት ከምዘጋጥሞም ክሕበሩ ኣሎዎም።

> ኩሉ ግዜ ሓደ ሰብ "ቡፊንግ" (boffning) ጌሩ እንተ ኾይኑ፡ ምኽሪ ንምርካብ ናብ "ማእከል ሓበሬታ መርዚታት" ደውሉ። ሓደ "ቡፋ" (boffa) ዝገበረ ቆልዓ ሸው-ሸው እንተ ርኢብኩሞ፡ ናብ ሆስፒታል ተወሲዱ ክምመር ኣሎዎ። እቲ "ቡፋ" (boffa) ዝገበረ ሰብ'ቲ፡ ቀልቡ እንተ ደኣ ኣጥፊኡ ኮይኑ፡ ወይ ናይ ምፍዛዝ ነገር ኣምጺኡ ወይ ሕጽረት ትንፋስ እንተ ኣልይዎ ኮይኑ፡ ብቕልጡፍ ናብ 112 ደውሉ።

ብዝበለጸ ብዛዕባ ሓደጋታት ናይ "ቡፊኒንግ" (boffning)፥ ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት giftinformation.se ኣቲኹም ኣንብቡ።

እንተ ደኣ ተጨኒቕኩም ኣሊኹም ወይ ሕቶታት ምስ ዚህልዉኹም፥ ናብ "ማእከል ሓበሬታ መርዚ" (Giftinformationscentralen) ፥ ብቑጽሪ ስልኪ 010-456 67 00 ርክብ ግበሩ።

ንህይወት ኣስጋኢ ኣብ ዝኾነሉ ኩነታት ብቐጥታ ናብ **112** ደውሉ።

Giftinformationscentralen
SWEDISH POISONS INFORMATION CENTRE

# ኣዝዩ ኣገዳሲሓበሬታ ብዛዕባ ዘስክር ጋዝ ወይ ሃፋ ምስታይ - ኣብ ንኣሽቱ መንእሰያት።

Giftinformationscentralen
SWEDISH POISONS INFORMATION CENTRE